# ሕማቕ ዘመን።

ኣንታ እንታይ ግዜ ኣርኪብና ሕማቕ ዘበኑ፡
ምስጓና ዝመክር ወላዲቱ ኣዋሲኑ፡
ዓገብ ዝብል ለባም’ዶ ተሳኢኑ፡
ወይስ ዓገብ ዝበለ ሰማዒት እዝኒ’ዩ ሲኢኑ።

  ንዓ ሓደ ንኹን ንሳነ እንተበልካ፡
  ጉዳዩ ኮይኑ ኣለካ ለኽዓካ፡
  ህጻን ይሓይሽ ጥዑም ዘዕልለካ።

ስጋ ከምዘይብሉ ንቡር ሕሙቶ፡
ሕጊ እንዳባ ዘየማልእ ግዕዙይ ባይቶ፡
መስተውዓሊ ተሳኢኑ ኩሉ ዘራጊቶ።

  ወረ ኅደና ተሓሲቡ ቁምነገር፡
  ሕሹኽሹኽ ዘረባ ምእላም ነገር፡
  መገዲ ኣነጽር ኣይትበል ጠምበርበር።

ዋዕዋዕ ዳንከራ ዓርማም ኮቦሮ፡
ላዛ ዘይብሉ ሕማቕ ኅሮሮ፡
ግደፎ እንተበልኩዎስ መሊሱ ይድክሮ።

  ባይቶ ከሎ ኣብ ቅርዓት ዓደቦና፡
  እንታይ ኣኼደካ ናብ ዓዲ ጓና፡
  ካብ ከምዚ ምግባር ኣምላኽ ይሰውረና።

ተንኮለኛ ውላድ እከይ ተግባራቱ፡
ስድሩኡ ከይጥቀሙ ሓባእ ንብረቱ፡
ኣማስያኡ እንተረኤኻስ ብፍልሖ ተሃንኩቱ።

  በዓል ናቕፋ ተጠንቀቕ ካብ ከምዚ ተግባራት፡
  ኩሉ ኣውጽኣዮ ተሓብኤ ኣብ ትሕቲ ዓራት፡
  ድሕነት ኣይኮነን ምስጋሩ ንዓዲ ግራት።

እገዳ ትብል ደርፊ ኣሜሪካ ደራሲታ፡
ማይክ ስሚዝ ምስ ሽይላ ኪተሩዝ ደረፍታ፡
ጊታር ትራምፐት ዩናይትድ ነሽን ሃራሚታ፡
ጓይላ ከደምቕ ዕሱባት መጣቓዕታ።

ዳስ ክስራሕ ኣብ ጀነቫ  እነዋለ እሸባሸባ፡
ስዋ ተጠጂኡ ኣሎ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡
ንዑኡ ዘብጽሓ ኮራኩር ወያኔ ኣለዋ፡
ሳርማ ደቢኤን ብናይ ሓሶት ዕንባባ።

ነቲ መርዛም ተበግሶ ሓቂ ከምስላ፡
ገዛ እንዳ ኣማተን እናደዋወላ፡
ኣብ ልዕሊ ህዝብና እገዳ ከተርር ሓግዙና ይብላ።

ኣንታ ኤርትራዊ ፈታው ህዝቡ ሃገሩ፡
ከይትግራህ በዘን መራሕተን ቶዃሉ ንሰን ወኻሩ፡
ጉዳይ ሃገርና እሾኽ ከይነዝሓሉ።

ብዘየገድስ ውሽጣዊ ፍልልያትና፡
እገዳ ዘበት ኣብ ልዕሊ ሃገርና
ንሳ ምስ እትህሉ ጥራሕ'ዩ ዝኸብር መንነትና።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ

ገብረንጉጉ መስመር

12/09/2015